**<u>ኣብ መዓልቲ ሰማእታ ውራይ፡ ዓገብ!</u>**

መዓልቲ ሰማእታት ወላዲት ነጻነት፡
ሂወቶም ሂቦም ዝሰዓሩ ባርነት፡
ንሶም እንተዘይሓልፉ ኣበይ ምሃለና ብእውነት፡፡

ዕስራ ሰነ ኣብ ዓመት ሓንቲ መዓልታ፡
ካብ ሰለስተ ዘይበዝሓ ውሑዳት ሰዓታ፡
ንኽብሮም ሓቢርካ ዘይምዝካር ኣለዎ ሃየንታ።

ዕለታ ፍልጥቲ ዘይትቕየር፡
ርዝነታ ከቢድ ምስዝኾነ ዘይወዳደር፡
ስለምንታይ ኣብዛ ዕለት ውራያት ይግበር።

መመረቕታ ኣሎዎ ዓርከይ ከይቅየመኒ፡
ጸወታ ኩዕሶ ከይሓልፈኒ፡
ኣይፈለጥኩን መን'ከ ነጊሩኒ።

ጥምቀት ኣለዋ ማሓዛይ ከይትጸልኣኒ፡
ሕጻ ኣሎ ኣቖዲሞም ዝዓደሙኒ፡
ንመዓልቲ ሰማእታት ይበሃልድዩ ይትረፈኒ?

ደሙ ፈሲሱ ዓጽሙ ተኸስኪሱ፡
ውላዱ ዝገደፈ ማማይ ብንኡሱ፡
ሃገር ክብል እንድዩ ሓመድ ለቢሱ።

ሕጽኖት ገዲፋ ገድሊ ዝወፈረት፡
ወራር ባህርን ጸላእን ዝሰዓረት፡
ክብሪ ኣይግብኣንድዩ ስዉእቲ ምስተባህለት።

ሰማእታትና ኩሉ ክንሱ ዝግብኦም፡
ብመስዋእቲ ካባና እንተገሹ ኣርሒቖም፡
ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ዓመት ክንከልኦም።

ቀይሕ ደሞም መሬት ኣለስሊሱ፡
ጻዕዳ ኣዕጽምቶም ልእላውነት ኣውሒሱ፡
ሳላ መስዋእተን/ቶም እንድዩ ክብርና ነጊሱ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና ክንብል ከለና፡
ንስለ ምባል ኣይኮናን ክንብሎ ዘሎና፡
ንዝኸፈሉዎ ሂወት ንምምስጋን ኢና።

**ግንዛበ፡** ትሕዝቶ ናይዛ ግጥሚ ነቶም/ነተን ምኽኑይ ዘይኮነ ምኽንያታት ብምግባር ኣብ ማዓልቲ ሰማእታትን በዓል ነጻነትናን ፍሉጣት ዕለተን ዘይቅየር በዓላትና ይዕበ ይንኣስ ውራያት ዝገብሩን ዝገብራን ዝምልከት ምዃኑ ንከይድገም ንምሕባርን ምስ ነብስኻ ምንሳሕን ዝዓለመ ኾይኑ፡ ነቶም/ነተን ክብሪ ሰማእታትና ርዝነቱ ተገንዚብኩም/ክን ሙብጽዓ ንምሕዳ ብዓሙቕ ተዘክሮ ተብዕሉ ተብዕላ ኣይምልከትን።

<u>ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡</u>
<u>ዓወት ንሓፋሽ፡</u>
<u>ገብረንጉስ መስመር፡</u>